# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.169 | ሰንበት 16 መጋቢት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ደምዳሚ መግለጺ


ገጽ 4 ብከላ ድምጺ


ገጽ 5 ካብ ተመኩሮታት መጉዓዝያ


ገጽ 7 ሃገራዊ ወድድር ኩዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ ቀጺሉ



## ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ፡ ንተመሃሮ ኣስተምህሮ ሂቡ




ስእሊ- ዘርኣይ ብርሃነ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ኮሎኔል ዞሚኪኤል ተኽልዩ፡ ካብ 25 ለካቲት ክሳብ 13 መጋቢት ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ ኣብ ክበራታትን እሩም ሰቱምቦርን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣብ ንኡስ ዞባታት ደቀምሓረ፡ ድባርዋ፡ እምኒ-ሓየሊ፡ ዓዲ-ኳላ፡ ማይ-ምገን ጸሮናን ዝተኻየደ ኣስተምህሮ፡ ንክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ፣ ጽልዋ ዓወሎማን ሳዕቤናቱን፣ እወታውን ኣሉታውን ጽልዋ መዛና፣ ሃይማኖታዊ ጥሩፍነት፣ ከምኡ'ውን ጠንቅታት ሓደጋታትን ዘድእሩም ተግባራትን ዝምልከት መግለጺ ቀሪቡ።

ሓለፍቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ተን ንኡስ ዞባታት በበወገኖም፡ ተመሃሮ ንግዜኦም ብዋዕኡ ብምምሕዳር ፍልጡት ኣብ ምኽዕባት ከደህበ፣ ንዘተዋህቦም ኣስተምህሮ ብዋዕባሪ ብምትርጓም ድማ ኣበሪታውያን ክኾኑ ተላቢዮም።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 2024 መብዝሕትኦም ብመንእሰያት ዝተፈጸሙ 1032 ገበናትን 2877 በደላትን ከምዝገቡ ከሰው፡ 304 ሓደጋታትን ከምእተፈጸሙ፡ ሱዳት ቤት-ጽሕፈት 12,375 ጥሕሰታት ሕጊ ትራፊክን ፖሊስ የጽሮ።

## ዓንሰባ - ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ህዝባዊ ምዝገባ ይብርኽ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ኣገዳሰነት ህዝባዊ መዝገብ ዝጸንሐ ኣፍልጦ እናበርኸ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ስታትስቲክስን ጃኦግራፊያዊ ስርዓት ሓበሬታን ኣቶ ሚሀተመ ኣስቀላዊ ሓቢሩ።



ንኣገዳሰነት ህዝባዊ ምዝገባ ኣብ ምርግጋጽ ጽፉፍ ሓበሬታን ምቕርሓ ጸጋታትን ብምጥቃስ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ከይተረፈ፡ ምጽፋፍ መዝገብ ነርትት፡ ናይ ክብሪ መዝገብ፡ ከምኡ'ውን ሱዳት ቃልኪዳንን ካልእን ከም ባህሊ እናሰረጸ ይመጽእ ምህላው፡ ዕላማ'ቲ ክፍሊ ኣብ ምስዮር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ ቀዳሞት ክልተ ኣዋርሕ ናይ 2025፡ ልዕሊ 2,400 ናይ ክብሪ መዝገብ ተሰሪሑ ከምእተዓደለ፣ ልዕሊ ክልተ ዕጽፊ ናይ'ዚ ድማ ኣብ መስርሕ ከምዘሎ ብምብራህ፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ክነጻጸር ከሎ ዓቢ ኽጋስ ይምዝገብ ምህላው፣ ኣብ ንኡስ ዞባታት ዝጸንሐ ኣተሓሕዛ ድማ እናተመሓየሸ ከምዝመጸ ኣረዲኡ።

ብፍላይ ናይ ወሊድ ምዝገባ ጸቡቕ ደስነም ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ሚሀተመ፡ ኣብ 2023 ኣስታት 3 ሚእታዊት ዝነበረ ኣብ 2024 ናብ 6 ሚእታዊት ክብ ምባሉ፡ ናብ'ቲ 14 ሚእታዊት ሽቶ ንምብጻሕ ተሰፋ ዘለዎ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ምዝገባ ኣብ ከረን ጥራይ ምህላው ዝፈጥሮ ጸዕቂ ስራሕን ምድንጓይን ገለ ካብ ዝርአ ጸገማት ከምዝዝኾኑ ብምግላጽ፡ ናይ ስልጠና መደባት ምዕባይ፣ ምትእትታው ዘመናዊ መሳርሒታት፣ ምስፋሕ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ መዝገባን ካልእን ካብ ናይ መጻኢ መደባት ከምዝዀኑ ኣፍሊጡ።

ኣቶ ሚሀተመ ኣብ መወዳእታ፡ ምህላው ጽፉፍ ዳታ በይዚ ናይ ሓደ ወሰን ትካል ንጥፈት ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት ብሓፈሻ፡ ትካላት ጥዕና፡ ትምህርትን ምምሕዳራትን ድማ ብፍላይ ምትሕብባረን ክዛይዳ ተማሕጺኑ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ላሓዜን፡ ተሳትፎ ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዓብዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳር ከባቢ ላሓዜን ኣብ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ፡ ኣብ ተሳትፎ ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ዝማሰነን ዕብየት ከምእተመዝገበ ተሓቢሩ።

ርእሰ-መምህርቲ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዐሰማን ሳልሕ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ተሳትፎ ተመሃሮ ብሓፈሻ ብ10.3 ሚእታዊት፣ ናይ ደቀንስትዮ ድማ ብ14 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ኣፍሊጡ።

ተመሃሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ምስ ዛዘሙ፡ ኣብ ከባቢኦም ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ስለዘየላ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከምዝርሕቑ ዝጠቐሰ መምህር ዐሰማን፡ ዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ጥርናፈ ዓድታት ክድፋኣሉን ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ክትከፈትን ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኩምሆለ ኣቶ ዐመር ስሌማን ብወገኑ፡ ብሸኽ ዘይምጥርናፍ ዓድታት ደቆም ብዋዕኡ ክመሃሩን ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ክቕጽሉን ይኽእሉ ስለዘየለው፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ክትከፈት ተላብዩ።

ኣብ 1995 ናይ መባእታ ኣገልግሎት ክትህብ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ላሓዜን፡ ኣብ 2010 ናብ ማእከላይ ደረጃ ዝተሰጋገረት ኮይና፡ ንምምሕዳራት ከባቢ ላሓዜንን ኩምሆለን ተገልግል።

## ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል፡ መሰረታዊ ጽገና ጽርግያታት ከምዘካየደ ገሊጹ

ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ 31 ሚልዮን ናቕፋ ብምውሳእ ኣብ ኣስታት 11 ኪሎ-ሜተር ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ከተማ ኣስመራ መሰረታዊ ጽገና ከምዘካየደ ገሊጹ።

ኣብ 2024 ካብ ዝተጸገኑ መስመራትን ከባቢታትን፡ መዕረፊ ኣውቶቡስ ዕዳጋ-ሓሙስ፣ ካብ ደምበ-ሰምበል ክሳብ መወዳእታ ሰምበል፣ ካብ መዓርፎ ነፈርቲ ክሳብ ሆስፒታል ኦሮታ፣ ከባቢ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ካብ ባሕቲ-መስከረም ክሳብ ጉዳይፍ፣ መስመር ቪላጆ - ዓዲ ሰግዶ፣ ከምኡ'ውን መስመር ማይተመናይ፡ ከባቢ ማስገድን ካልእን ከምዝጠቓለሉ፡ ሓላፊ ጨንፈር ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታት ኢንጂነር ምስዮና እስቲፋኖስ ገሊጹ።

እቲ ስራሕ፡ ብምውህሃድ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት፡ ኩባንያ ኣስቤኮ፡ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ፡ ከምኡ'ውን ክፍሊ ማይን ረሳሕ ፈሳሲን ዞባ ማእከል ከምእተሰላሰለ ድማ ኣብሪሁ።



ንኣስተዋጽኦ ናይ'ቲ ዝተጸገነ ጽርግያታት ብዝምልከት፡ ኢንጂነር ምስዮና፡ ብሰንኪ ምብልሻው ተቛርጹ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ መስመራት ዓዲ-ሰግዶን ሰምበልን ዳግም ምጅማሩ ንተገልገልቲ መስተርሆ ከምዝፈጠረ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምዕቃብ ዝኸደለ ኣብ ምምላእን ኣበርክቶ ከምዘበርከቱ ተላቢዩ።

ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል፡ ኺ-ኺ ምስራሕን ምጽጋንን ናይ ቅጥራን ጽርግያታት፡ ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን መንገዲ ኢጋር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምጽጋንን ምትካልን ምልክታት ትራፊክ እውን ከምዝተጠፍ ይፍለጥ።

ዜና

# ማእከል - ሃማደኤ፡ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገባ ተማሃሮ ሸለሙ






ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ብዝለጸ ነጥቢ ናብ 9ይ፡ 10ይ 11ን ክፍሊ ንዝሓለፋ 32 ተማሃሮ፡ ሜዳልያ ከምኡ'ውን ገንዘባውን ዓይነታውን ሽልማት ዓደለ፡፡

ብ12 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ወከል ናይ'ቲ ጨንፈር መንእሰይ ዊንታ ጉብረ፡ እቲ ዕላማ - ተማሃሮ ንዘመዝገብኦ ብሉጽ ነጥቢ ኣፍልጦ ብምሃብ፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኣን ዕዉታት ክኾና ንምትብባዕ ከምዝኾነ ሓቢራ፡፡

ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሳ፡ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገባ 226 ተማሃሮ፡ ብሃማደኤ ዝተዳለወለን ሽልማት ናብ ንኡስ ዞባኣን ከምዝተላእኸለን ብዝወሃበ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ብወገኑ፡ እቲ ሽልማት ኣብ ርእሲ'ቲ ቀጻልነት ብቑዓት ደቂኣንስትዮ ተማሃሮ ንምውሓስ ዝህልዎ ግደ፡ ኣብ ካልኦት ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳሮውን ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ብምጥቃሱ፡ ወለዲ ንዘርኢይዎ ዘለዉ ተጉዳስነት ሞጒሱ፡፡

ተሸለምቲ ብወገኖም፡ ዘመዝገብዎ ውጽኢት፡ ፍረ ናይ ዓመታት ስራሕን ግቡእ ምክትታል ወለዲን ከምዝኾነ ኣረጋጊጾም፡፡

# ደቡብ - ነበርቲ ዓዲ ሓርቦ፡ ብወፈራ ናይ ሓመድ ጽርግያ ይጽግኑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ - ነበርቲ ዓዲ ሓርቦ፡ ካብ ዕዳጋ ድሕና ናብ ዓደም ዝኣቱ ኣቕዲሙ ብማሽነሪ ዝተጸርገ ናይ ሓመድ ጽርግያ ንምጽጋን ወፈራታት የካይዱ ኣለዉ፡፡

ካብ ኮሚተ ልምዓት ዓዲ ኣቶ ክስተ ኪዳነ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ወፈራ ምስራሕ መእለዩ ውሕጅ ካናለታትን ደጋፊ መንደቓትን ከምኡ'ውን ምድልዳል ዝተበላሸወ ቦታታት ከምዝጠቓልል ገሊጹ፡፡

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ምጥጋሕ ናይ'ቲ ጽርግያ ኣብ ዕለታዊ ህይወቶምን ምንቅስቓሶምን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ በብእዋኑ ተመሳሳሊ ወፈራታት እናወደቡ ከምዝቕጽሉ ገሊጾም፡፡

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ብቤት-ጽሕፈት ጥዕና እናተኣልየ ዝቕደድ ስሩዕ መደባት ከብቢያዊ ጽሬት፡ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተሓቢሩ፡፡

ሓላፊ ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሰረቐ ደበስ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ዘይንጹህ ከባቢ ዝስዕብ ሕማማት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ዝቕደድ ገስጋሳት ብዝሰፍሐ መልክዑ ከምዝቕጽል ገሊጹ፡፡

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ተጠቀምቲ ዓይኒ-ምድሪ 94 ሚታዊት ከምዝበጽሐ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ፡፡

# ድባርዋ - ተመሃሮ፡ 334 ከረጺት ደም ለጊሶም

ተማሃሮ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ድባርዋ፡ ብ11ን 13ን መጋቢት ወለንታዊ ተበግሶ ብምውሳድ 334 ከረጺት ደም ለጊሶም፡፡

ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ኤርትራ ኣባል ጨንፈር ጎስጓስ ነርስ ኣብርሃም ተኽሉ፡ ብተማሃሮ፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲን ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስትን ዝግበር ልግሲ ደም፡ መርኣያ እናበረኸ ዝመጽእ ኣፍልጦ ምዃኑ ብምሕባር፡ ተማሃሮ 2ይ ደረጃ ድባርዋ ንዘወሰድዎ ተበግሶ መጒሱ፡፡

ተማሃሮ ብወገኖም፡ ብዘተኣእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ኣበርክቶ ምግባርም ሓበን ከምዝስመዖም ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ'ውን እጃሞም ከምዝዕዘዙ ገሊጾም፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ዓንሰባ - ኣብ መመላኽዒ ከሚካላት፡ ንቕሓት ክዓቢ፡ ሰብ ሞያ ይመኽሩ



ንጽሬትን ጽባቐን ኣካላት ሰብ ክገልግሉ ዝምስርሑ መመላኽዒ ከሬማትን ካልኦትን፡ ኣብ ኣገባብ ኣጠቓቕማኦም ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ክብርኽ ከምዝግባእ፡ ሰብ-ሞያ ጥዕና ይመኽሩ፡፡

መመላኽዒ ንጽህናን ንጽባቐ ተርኢትን ክገልግሉ ከምዝምስርሑ ዝሓበረት ካብ ሆስፒታል ከረን ፋርማሲስት ለድያ ፍስሃየ፡ ጨና፡ ሎሽን፡ መጽረዪ ጸፍሪ፡ ሻምፑ፡ ጸረ ፎሮፎር፡ ኮልጌት፡ ክሬማትን ካልኦትን፡ ብጥዕናዊ ዓይኒ ንጽሬት፡ ድረቀት ቈርበት ንምክልኻል፡ ከምኡ'ውን ብፍሕፍሓ ንዘኽሰት ጸገም ንምፍዋስ ዝጠቕሙኒ እንተኾኑ፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ንዘይተደልየ ሳዕቤናት ከቃልዑ ከምዝኽእሉ ገሊጻ፡፡

"ብቢዝሓ ተጠቀምቲ ኣብ ዝህልወሉ፡ ኣፍልጦ ክህሉ ኣገዳሲ'ዩ" ዝበለት ፋርማሲስት ለድያ፡ ቅድሚ ውሑድ ዓመታት ኣጉዳስነት ናይዞም መመላኽዒታት ትሑት'ኳ እንተነበረ፡ ምስ ግዜን ቅልጡፍ ማዕርሐ ምምሕልላፍ ሓበሬታን ግና ተደላይነቶም እናሰፍሐን እናዓበየን ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብኡ መንጸር ኣብ ኣጠቓቕማኦም ዘሎ ኣፍልጦ ምብራኽ ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ ኣጺራ፡፡

ታሊትስ፡ ኣስበስቶስን ለድን ዝኣመሰሉ ቀመማት፡ ካብ'ቶም ንምድላው መመላኽዒ ዘገልግሉ ቀንዲ ከሚካላት ኮይኖም፡ ምስ ምንዋሕን ግዜ፡ ኣተዓቓቕባን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማን ሓደገኛ ሳዕቤናት ስለዘለዎም፡ ቅድሚ ምጥቃምካ ትሕዝቶ ናይ እትጥቀመሉ ብግቡእ ምፍላጥን ምርዳእን ከምዝድሊ ኣብሪሃ፡፡

ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣስታት 60 ሚእታዊት ካብ'ተን ኣብ ክሊ ዕድመ 30ታት ዝርከባ ደቂኣንስትዮ መጻዕደዊ ቈርበት ክሬማት ከምዝጥቀማ ዝሓበረት ፋርማሲስት ለድያ፡ ኣብ ሃገርና'ውን ቈርበት ናይ ምጽዕዳው ተርእዮታት እናገዘፈ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጻ፡፡

ንመጻዕደዊ ተባሂሉም ዝቐርቡ ክሬማት፡ ባዚቃ ዝበሃል ሓደገኛ ብኢታ ስለዘለዎም፡ ንሳዕቤናት ናይ'ዚ ቀመም ዝተቓልዓ ደቂኣንስትዮ ጥዕና ቈርበተንን ጥዕናአንን ንምድሓን፡ ካብ ምጥቃሙ ክቑጠባ ደጋ ተላብያ፡፡

ቊጥዑ፡ ምቅጻል ቈርበት፡ ዘይንቡር ፈጻጋ፡ ሰሓ፡ ፅንፍሩር፡ ምዝንባዕ ሆርሞናት፡ ምጉዳል ፍርያምነት፡ ጸጋር ኩሊት፡ ብዓበኡ ሕማም መንሽሮ ካብ'ቶም ጊዜኖም ዝረኣዩ ሳዕቤናት መመላኽዒታት ስለዝኾኑ፡ ንኸሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክጸልወ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ኣገንዚባ፡፡

ኣብ መወዳእታ ፋርማሲስት ለድያ፡ ባህርያዊ ጽባቐና ንምዕቃብ ካብ ጉዳኢ ብኢታ ዘለዎም መመላኽዒታት ምቑጣብ ተመራጺ ምዃኑ ብምምካር፡ ምጥቃም ዘገድድ ኩነታት እንተሃልዩ፡ ብኣፍልጦ ሞያውያን ጥራይ ክግበር ከምዝግባእ ኣስሚራትሉ፡፡

# ባጽዕ - ኣብ ሓፈሻዊ ኣምራት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ





ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምስ ሃማመተኤ ብምውህሃድ፡ ኣፍልጦን ግንዛበን መንእሰያት ኣብ ኣምራት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ንምብራኽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ12 መጋቢት ኣብ ባጽዕ ወሃበ፡፡

እቲ ብኽኢላ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ መንእሰይ ሳሙኤል የማነ ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ሓፈሻዊ ኣምራት 'ሶፍትዌር'፡ ምሕደራ ሰርቨር፡ ስብዑርሓ ብልሒ ኣብ ስራሕን ዕለታዊ ናብራን ዘለዎም ተራ ተረሪሓ፡ ኣብ ስራሕን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለን ጽልዋኡን ከምኡ'ውን ድሕነታዊ ሶፍትዌርን ኣጠቓቕማኡን ዘጠቓለለ ነይሩ፡፡

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ኣሚን ከተማ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ በብእዋኑ እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ቴክኖሎጂ፡ እምነትርናዕ ኩሉመዳያዊ ምዕባለ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ኣድህቦኦም ኣብ'ዚ ዓውዲ ብምግባር ኣፍልጦም ከማዕብሉ ኣዘኻኺሩ፡፡

# ደምዳሚ መግለጺ መበል 23 ስሩዕ ኣኼባ
## ባይቶ ዞባ ማእከል

ባይቶ ዞባ ማእከል "መትከል ርእሱ ምርኮሳ፡ ምስጢር ኩሉ ዓወታትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፣ ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል፣ ሓለፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ፣ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ማእከል፣ ሓለፊ ምውህሃድ ጀሮጀክትታት ዓዲ ሃሎ፣ ኣዘዙቲ ሰራዊት፣ ሓለፍቲ ጸጥታን ፖሊስን፣ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን፣ ሓለፍቲ ህዝባውያን ማሕበራትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽብሉ ብ4 መጋቢት 2025 ኣብ ኣደራሽ ባህላዊ ማእከል፡ መበል 23 ስሩዕ ኣኼብኡ ብዓወት ኣቃሊዑ።

ባይቶ ኣብ እዋናዊ ኩነታት ሃገር ብሓፈሻ፣ ኣብ ሓያልን ድኹምን ንጥፈታት ስራሕ ዞባን ኩነታት መነባብሮ ህዝብናን ከኣ ብፍላይ፡ ብዕምቆት ዘቲዩ።

ባይቶ ርሑቕ ንዘጥምት፣ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘቐድም፡ ድሕነትን ውሕስነትን ሃገር ዘረጋግጽ፡ ነባሪ ሰላምን ዕብየትን ዘሰፍን፡ ብዕብለኛን ህቦብላን ዝንበዕ ፖለቲካ ዞባናን ዓለምን ኣንፈቱ ዘይስሕት መትከላት መንግስቲ ኤርትራ ብምድናቕ፡ ናይ ሓሶት ታሪኽ ብምፍብራኽ ልኡላዊ ግዝኣት ሃገርና ንምውናን ብጸላእትና ንዝቐርብ ዘሎ ከንቱ ዕንደራን ፈኸራን፡ መንግስቲ ዝኸተሎ ዘሎ ዓቃልን ትኩርን ኣተሓሕዛ መጕሰ።

ህዝብና ከም ወትሩ ሓድነቱ ኣትሪሩ፣ ልኡላዊ ክብሩን መንነቱን ዓቂቡ ብንቕሓት ክከታተሎ ብምዝኽኻር ድማ ዝ. ዝስዕብ ለበዋታት ብምሕላፍ ኣኼብኡ ብዓወት ዛዚሙ።

### ለበዋታት

1. መንግስቲ ኣብ ነባሪ ፍታሕ ዘምጽኡ ዓበይቲ ስትራተጂያውያን መደባት ኣተኪሩ ይሰርሕ ኣሎ። እዚ ንሓዋሩ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዘዕርግ መደባት ዝድኻቐ ኮይኑ፡ ኗ. ኳ ድማ እዋናዊ ቁጠባዊ ሽግራት ህዝቢ ዝፈትሑ መደባት ሓንጺጹ፡ ዕድላት ስራሕን ንግድን ክፈጥር፣

2. ሓደ ካብ ዝዓበየ ጸገማት ህዝቢ ሕጽረት መንበሪ ኣባይቲ እዩ። እዚ ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ሕጽረት'ዚ ኣብ መንጎ እቶም ገዛ ስኢኖም ምስ ወለዶምን ቤተሰቦምን ተጸጊዖም ዝነብሩ ሓዳሳት ሓዳር ወጻእን ኣብ መንጎ ተኻረይትን ኣካረይትን ዝፈጥሮ ዘሎ ዘይምቅዱውን ንማሕበራዊ ስሒትን ባህሊ ምኽባርን ህዝብና ዝትንክፍ እናኾነ ክመጽእ ጀሚሩ ኣሎ። ስለዚ መንግስቲ ነዚ ጸገም እዚ ንምፍታሕ ዝሓንጸጾ መደባት ክቕላጠፍ፣

3. ኣብዚ ሕዚ'ዩ ዘለና ዓመት ክፍጸም ብዞባ ተወጢኑ ዘሎ መደባት ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ ንኽትግበር ምምሕዳር ዞባ ምክትታሉ ክዛይድ፣ ህዝቢ ድማ ተሳትፎኡ ክሕይል፣

4. ዲጋታትና እኽል ትሕዝቶ ማይ ኣዋህሊለን እኳ እንተለዋ፡ ሕጽረት ዝስተ ማይ ከተማና ገና ብምልኣት ኣይተፈተሐን። ብሸነኽ እርጋን መስመራት ኣብ መዓላ ክውዕል ዘይበርሮ ማይ ክፈስስ ይርአ ኣሎ። እዚ ግዜ ብሰብ ዘሎ ጸገም እዚ፣ ፍሉይ ኣተኩሮ ክወሃቦ፣

5. ጠለብት ጋዝን ላምባን፣ ምስ ሕጽረት ተተኣሳሲሩ ጸዓት ማለት ዕንጨይትን ፈሓምን ተኣሲሩ ኣብ ከተማ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ገጠራት እውን እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ። እንተኾነ ጠለብ እናዓበየ ብዝኸደ ቀረብ ምስኡ ይዓቢ ስለዘየለ ጸገማት ኣሎ። እቲ ዝግበር ምምቅራሕ ነቲ ዘይዐጽሖ ሓደሽ ነባሪ ኣብ ግምት ዘእተወ እኳ እንተኾነ፣ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ግን ቀረብ ምውሳኽ ብምዃኑ ቅልጡፍ ለውጢ ክግበር፣

6. ኣገዳሲነት ብቑዕን ስሉጥን ኣገልግሎት መጻዓዝያ መግለጺ ዘድልዮ ኣይኮነን። ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ሕጽረት መጻዓዝያ ርእይ ኮይኑ፡ በዚ ምኽንያት፡ ህዝቢ ዝደሊዮ ኣገልግሎት መጻዓዝያ ኣዝዩ ክቡር ዋጋን ክኸፍል ይግደድን ንሓደጋ ይቃላዕን ኣሎ። ዝ. ጸገማት እዚ ንምፍታሕ መደባት ተታሒዙ ከምዘሎ ተገሊጹ እኳ እንተሎ፡ ትግባረኡ ክቕላጠፍ፣

7. ኣብ ዞባና ትካላት ጥዕና 24 ሰዓታት ኣገልግሎት ይህባ ኣለዋ። እዚ ኣዝዩ ዝማስገን እዩ። ይኹን እምበር ብፍላይ ኣብ ገጠራት ብሸነኽ ሕጽረት መጻዓዝያ ማለት ኣምቡላንስ ኣፍሱጾራት ጸገም የጋጥመን ስለዘሎ መፍትሒ ክናደ፣

8. ብቑዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ፣ ሰጥመት ቤት ትምህርቲ፣ መማህራንን ወለድን ክድልደል፣

9. ጽሬት ከተማና ንምሕላው ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብርክት ዝበለ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ቈጺሩ ይሰርሕ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኩነታት ጽሬት ማእከል ከተማ ጸቡቕ ኣሎ። እቲ ጸገም ኣብ ወሰናስን እዩ ዘሎ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ጓሓፍ እትእክብ ማኪና ትዝውርኳ እንተኾነት፣ ከቢ. ምግዕዛይ ኣይተረፈን። ሓደ ካብ ምኽንያታት ናይ'ዚ እቲ ብምምሕዳር ከባቢታት ዝቐርብ ዝበረ ወፈራታት ጽሬት ምቅራጹ ክኸውን ስለዝኽእል፣ ምምሕዳራት ህዝበን ወዲበን ከበእን ከጽርያ፣ ህዝቢ ድማ ተሳትፎኡ ክሕይል። ብዘይካ'ዚ ኣብ ኣገልግሎት ዓይኒ-ምድሪ ትመጥጥ መኪና ዘሎ ጸገም መፍትሒ ክናደየሉ፣

10. ሓረስቶት ኣተባብዖ እቶታውነት ንምዕባይ ዝቕየድ ዘሎ ጻዕሪ ዝማስገን እዩ። እንተኾነ ግን ሕጽረት ማሽነሪታትን መቀያየሪ ኣቕሑን ስለ ዘሎ ዝፍታሓሉ መንገዲ ክናደ፣

11. ብዝተፈላለዩ ማሕበራትን ውዳበታትን ዝቕየድ ናይ ምግራብ ማእቶታዊ ስራሕ ብዝሓየለ ክቕጽል፣

12. ተደጋጊሙ ከምእተገልጸ ብኸክት ቀርበት ጥሪት፡ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። እዚ ብኸክት እዚ ከኖ ቁጠባዊ ክሳራ፡ ጠንቂ ምዕባስ ፋኛቱራታት፣ ምስሳን ዋና ዘይብሎም ፋሊሳት ኣኽላባትን መጋዕዝ ከተማን ይኸውን ኣሎ። ስለዚ እቲ ኣብ ግዜ በዓላት ብመንገዲ ምምሕዳራት ንምእካቡ ዝግበር ስራሕ፡ ንዋናታት ሰማዊ መተኣብዪ ክፍሊት ብምሃብ ዝዩዳ ኣድማዒ ዝኾነ መገዲ ንምፍጣር ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብዕቱብ ክሰርሓሉ፣

13. ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ ጻዕርታት ይግበር ኣሎ። ብዙሕ ናይቲ ናብ ፋብሪካ ጸባ ዝኣቱ ፍርያት ምዕባዩ'ውን ሓደ መርኣያ ናይቲ ጻዕሪ እዩ። እንተኾነ ናብ ህዝቢ ዝቐርብ ዘሎ ጸባ ግብእ መዐቀኒ ስለዘይብሉ ጽሬቱ ውሑስ ኣይኮነን። ጥዕናዊ ጸገም'ውን ከኸትል ይኽእል እዩ። እዚ ርኡይ ጸገም ቅልጡፍ መፍትሒ ክግበረሉ፣ እቲ ብኮርፖረሽን ጥሪትን ዘርእትን ዝፈሪ ጸብ እውን ብሸነኽ ሕጽረት መዐደሊ ነቑጣታትን ንዕኡ ዘገድስ መሳለጥያታትን ዝርጋሐኡ ድሩት ስለዘሎ ናብ ኩሉ ዝበጽሓሉ ኩነታት ክፍጠር።

14. ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ተጀሚሩ ዝሓደ ወጽኢት ዝተረእየ ምጽጋን ጽርግያታት ክቕጽል፡ ኣብ ወሰኑን ቦታታት ፈሊሙ ዘሎ መብራህቲ ትራፊክ ማለት ሴማፎሮ ኣብ ኩሉ ቦታታት ክትከል፣ ብሸነኽ ምብልሻውን ጨረሽ ዘይምህላውን ምልክታት ትራፊክ፡ መሰጋገሪ ዜብራን ዘጋጥም ዘሎ ሓደጋታት ንምውጋድ ብዝሓየለ ክሰርሓሉ፣

15. ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊ ብዓቕሚ ሰቡን መሳለጥያታቱን ክዓቢ፣

16. ተርእዮታት ጉዓም ሓዳር መንእሰያትን ለማኖን ግቡእ መጽናዕቲ ተገይርሉ፡ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንምግባርም ዝቕየድ ጻዕሪ ብዝሓየለ ኣገባብ ክቕጽል፣

17. ባህላውን ታሪኻውን ቅርሰታት ዞባና ንምዕቃብን ናብ ተኻእቲ ወለዶታት ንምስግጋርን ዘኽእል ምስ ታሪኻዊ ትሕዝቶታትን ጸጋታትን ዞባና ዘሎ. ምምሕዳር ዞባ ናይ ገዛእ ርእሱ ቤተ መዘክር ክቘውም፣

18. ፍልሰትን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰብን ንምግታእ፣ ንቕሓትን ሃገራውነትን ክብ ዘብል ንጥፈታት ክሕይል፣

19. ኣብ ዝተፈላለያ ዓድታትን ምምሕዳር ከባቢታትን ኣብ ዕለታዊ ማሕበራዊ ህይወት ህዝቢ ዝሕግዝ ወሸጣዊ ሕጋጋት ይወጽእ እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ክትግበር እንከሎ፣ ኣብ ገለኡ ግን ከጡሓስ ስለዝረአ፣ ህዝቢ ነቲ ካብ ክሳራታት ንኽድሕን ንረብሕኡ ዝወጸ ሕጋጋት ከኽብሮ፣

20. ተበግሶ ኮሚትን ዓድታትን ብምድናቕ፣ ኣብ ምህናጽን ምጽጋንን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘሎ ሕጽረት ጥረ ነገራት፣ ማለት ቸሜንቶ፣ ሓጻን ጀላን ንምፍታሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዓቲቡ ክሰርሕ፣

21. ሃገራዊ ዕላማታትን ዓቕሚ መንእሰያትን ዘልምስ፣ ሰበኸታት ሓደስቲ ሃይማኖታት ሕብረተሰብ ከቓቕሑ ባይቶ ዞባ ማእከል ይላቦ።

**ዓወት ንሓፋሽ!**

**ባይቶ ዞባ ማእከል**
**4 መጋቢት 2025**
**ኣስመራ**



ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ-ደሕሖት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ-ጻዕሪ |
| 17:25 | ፈንቅል |
| 18:01 | መደብ ዋልታ |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሲትኮም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ኣሚራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ካብ ሰሙን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ቁላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ተመኩሮታት መጎዓዝያ

### ሳልሳይ ክፋል

“ኣብ ሰውራ መራሕቲ መካይኑ ወላ ንእሾቶ እምኒ ኣብ መንገዲ እንተርእዩም፡ ጎማ መኪና ከይትትከሰሎም ወይ ነታ መኪና ካልእ ጸገም ከይተምጽኣላ ብምባል፡ መኪናኦም ጠጠው ኣቢሎም፡ ነታ እምኒ ኣልዮም እዮም ዝሓልፉ ዝነበሩ። ብፍላይ ኣብቲ መጀመርያ ሓደ መራሒ መኪና ባለስትራ እንተደኣ ሰይሩ፡ ጾሙ ዝሓድረሉ ግዜያት’ውን ነይሩ’ዩ። ጎማ እንተደኣ ተተኪሉ እውን ከምኡ፡ ነታ መኪና ከም ኑብሱ ስለዝርእያ፡ ሞራሉ ኣዝዩ እዩ ዝትንክፉ፡ ጭንቀትን ጓህን ድማ ኣብ ገጹ ይንበብ።

ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ንባዕሉ ምስ ብዘወፋይኻ ክሰርሖ ጸኒሖም። እቲ ዘገርም ድማ ካብ 13-14 ዓመታት ኣብ ሓደ ኮፍ መበሊ ናይ መኪና ኮፍ ኢልካ ለይትን መዓልትን ምስራሕ’ዩ። ኣብቲ ናይ ጋራጅ ብፍላይ እቲ ኣብ ከባቢ ሱዳን ዘሎ ጋራጃት ሰውራ ብፍላይ ከኣ ካብ ወርሒ ሽውዓተ ክሳብ ወርሒ ዓሰርተ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ብርቱዕ ሃሩርን ካምሲንን ኣሎ። ኣብኡ ዝነበረ ኣባል ጋራጅ፡ ኣዚ ሕማቕ ኩነታት ክሊማዚ ንዓመታት ተጻዊሩ፡ ንኣሳልጦ ዕማማት ደጀንን ግንባራትን ለይትን መዓልትን ምስራሑ ቀሊል ኣድናቖት ዝወሃቦ ኣይኮነን።

ተጋዳላይ ፍስሃ ወልደሊባኖስ ከም ትዝታ ናይቲ ዝሓለፈ እዋን ዝዘክሮ፡



ቃልሲ ኣባላት መጎዓዝያ ኣብ ኮር ባራካ

መሳርሕትኻ ዘለካ ዝምድናታት ዝተፈልየ እዩ። ኣብቲ ሕብረተሰብ በቲ ግዝኡ ዝብል ኣርእስቲ ኢኻ ትተሓዘ። ኣብ ሰውራ ግን ምስቲ ተሓጋጋዚኻ ምስ ብጾትካ ናይ ምስራሕ ምትሕልላይን ምትእልላይን ተኣሳሲሩ፡ እቲ ሞያዊ ስራሕ ዘለዎ መቐረት ናይ ብሓቂ ዘገርም እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ እዩ ፍርያት ናይቲ ስራሕ ብዘይዳ እናበርከተን እናሰፍሐን ዝኸይድ። እዚ ኣብ ሰውራ ዝማዕበለ ኣተሓሳስባታትን ኣሰራርሓታትን ድማ ዓቢ ሰረት ከምዝበደሬ እኣምን።” ይብል ተጋዳላይ ፍስሃ ወልደሊባኖስ።

ኣብ ንውሕ ዝበለ ጉዕዞ ሰውራ፡ ኣሸንኳይዶ እቲ ምሉእ ለይቲ ነታ መኪና ዝመርሓን እናሳዕ እናወረደን እናደየበን ኣሊዩ-መሊዩ ዝብኻን መራሕ መኪናስ፡ እቲ ኮፍ ኢሉ ዝጉዓዝ ጌያሻይ’ውን ክሳብ ክንደይ ከምዝርብርብን ከምዝደኽምን ዘይስተውዕል ሰብ እኮ ኣይነበረን። እቲ ዘገርም፡ ኣባላት መጎዓዝያ ሰውራ፡ ዝኾነ ከም ንብር ህይወቶም ይወስዱዎን ኣብ ኩሉ መዲያት ናይቲ ስራሕ ዓቢ ተወፋይነት የርእዩን ምንባሮም’ዩ።

ካብ 1975 ካብ ዝሰለፍ ኣትሒዙ ኣብ ጋራጅ ዝሰርሐ ዝነበረ ተጋዳላይ ሚካኤል (ሞሞካስ)፡ ንተወፋይነት ኣብ መጎዓዝያ፡ ብኽልተ ደረጃታት’ዩ ዝገልጾ። ቀዳማይ ኣብ መራሕቲ መካይን ካልኣይ ድማ ኣብ ጋራጅ። እቶም ጉዳይም መራሕቲ መካይን ካብ 76-77 ኣትሒዞም ብዘይ ዕረፍቲ ዝኸዱ መራሕ መኪና ሳኞ፡ ምብልሻው መኪና፡ናይ ጸላኢ ተጻብኦታት ወይ ካልእ ሽግራት ኣጋጢሙዎ፡ ሽግር ኣጋጢሙኒ ዝብል ኣይነበረን። እቲ ጭንቂ ከም ራህዋ ክትዛረበሉ እንተዘይኮይኑ፡ ኩሉ’ቲ ሽግር ዝበሃል ከም ምስጠር እናተታሕዘ፡ ዝኾነ መራሕ መኪና ኣብ መሬት ፈፊው ክብል ወዓሊሱ እዚን ኩዓውንቱ ቅደር ምስ ኣብሉ ከመይ ወዓልካ ክበሃል ከሎ፡ ‘ግርም’ ኢሉ’ዩ ዝምልስ ነይሩ። መግለጺ ናይቲ ዝወዓልካዮ ጸገማት ከኣ ምቅላስ፡ ምስሓቕ፡ ምጭራቕ እዩ ነይሩ። ተጋደልቲ ነዚ ከም ባህሪ ሒዞሙ ነይሮም። ናይ ብሓቂ ከኣ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ቀሊል ኣይነበረን።

ተጋዳላይ የማን (ባዱ) ከኣ ፍልይ ዝበለ ኣብነት እናጠቐሰ ምዕባለ መጎዓዝያ ብኸምዚ ገሊጹዎ፦ “ኣብ ኩነታት ሰምሓር 77-78 ኣብ ውሽጢ ኣጀፕን ኣብ ጥቓ ሕጥምሎን ዝተገብረ ፍጻመ’ዩ። ኣብ መንጎ ተጋደልትን ናይ ጸላኢ ደፋዓትን እንትርፎ ብፈኩስ ብረት፡ ጸላኢ ብዘኾነ ካልእ ብረት ከርኽኽበልካ ኣብ ዘኽእል ቦታ፡ ሓንቲ ታንክን ንዓቢ ጀነረይተር ክተገልግል ትኽእል ናይ ማይ ሞተረን ነይረን። ነታ ታንኪ ንምውጻእ ዝተጠቐመሉ ግሩ (ሰፍሳፊት) ደያሚ ዝቈጻጸር መወጽኢ-ትኪ ገይሮም ኣእትዮሙ። ነታ ታንክ ሓፍ ከበሎዋ ከለዉ ግን ገመድ ስለዝተበትኩም፡ ካብቲ ቦታ ወጺኦም እንደገና ምምላስ ከኣ ካልእ ጸገም ከምጸእ ስለዝኽእል፡ ነቲ ሽግር ብሓደ ዘይንበር ኣሰራርሓ ፈቲሖሞ። ነታ ታንክ ድማ ከውጽኡዋ ክኢሎም። ነታ ሞተረ ናይ ማይ ንምውጻእ ዘደለ ዝነበረ ስራሕ ብሓደ ለይቲ ብሓጺር ግዜ ክውድኡዎ ስለዘይክኣሉ ግን ክልተ ሰባት ኣብኡ ተሓቢኦም ወዓሎም። ንምሸቱ ከይደም ኣውጺኦሞ። ሽዑ መብራህቲ ወይ ላምፓዲና ክትውልዕ ስለዘይከኣል ከኣ እቲ ስራሕ ብጸልማት ሃሰስ እናበልካ እዩ ተፈጺሙ።”

ኣብ 1977 ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ተኽስተ ብግደኡ ንተወፋይነት ኣባላት ጋራጅ ዘብርህ ፍጻመ ብምዝካር፡ “ኣብ ወርሒ 07-08/87 ካብ ወጻኢ ብርክት ዝበለ ኑዱዲ መጺኡ ነይሩ። ዝኣክል መዕቀሪ ስለዘይነበረ ድማ ኣብ ጋራጅ ሰዋኽን ኮንተይነራት ይሰርሐሉ ነይሮም። እዚ ኮንተይነራት’ዚ ንገዛኡ ርእሱ ኩሉ ላሚራ (ሓጺን) ስለዝኾነ፡ ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ክሳብ 51-52 ዲግሪ ዝበጽሕ ብርቱዕ ሃሩር፡ ተዓጽዩ እንተጸኒሑ’ውን ፈጺምካ ክትኣትዎ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ኣብ ውሽጡ ኣቲኻ ላሚራታት እናገጸፍካ ናይ ምልሓም ስራሕ ከኣ ተወሳኺ መቐት እዩ ዘፈጥር። እቶም ተጋደልቲ ግን ነቲ ስራሕ ብንቕሓት ብትብዓት ጠሚቶም፡ ክስትሞኦም ጥራይ ገይሮም እናዓጸዩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሕን ፈረቓን ኣብሎም፡ ክሳብ ሚእቲ ዝኸውን ኮንተይነራት ክሰርሑ ክኢሎም። ሰውራ ኮይኑ እምበር ኣብቲ ሕብረተሰብ ዋላ ኣሽሓት ክኽፍሉኻ እዚ ስራሕ’ዚ ክትሰርሖ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ንሱ ጥራይ ዘይኮነሰውን እቲ ብኸንደይ ጻዕሪ ዝተሰርሐ ኮንተይነራትን እቲ ኑዳድን ነጀው ማለት ካብ ወገን ሱዳን ናብ ወገን ኤርትራ ክሰግር ነይሩዎ። ኣብቲ እዋን’ቲ ከኣ ውሕጅ ኮርብርካ መሊኡ’ያ ነይራ። ስለዝኾነ እቲ ኮንተይነራት ብበዙሕ ጻዕሪ ሰጊሩ። ነቲ ኑዱዲ ንምስጋር ግን ፍሉይ ብልሓት ምምሃዝ የድሊ ነይሩ። ስለዚ፡ ንቕድም ብኽልቲኡ ጐማም ናይቲ ሩባ ዊንች (መጉተቲ ዝኸውን ናይ ሓጺን ገመድ) ዘለወን ክልተ ዓበይቲ መካይን ተቐሪበን። ብድሕሪ’ዚ፡ ነቲ ናታተን ዊንች ልዕሊ’ቲ ውሕጅ ጉዚርካ ኣብቲ ዊንች ቱቦታት ብምእሳር፡ እቲ ኑዱዲ በቲ ቱቦታት ኣቢሉ ናብዚ ነጀዋይ ጎምጎም ከምዝሰግርን እተን ኣብኡ ተዳልየን ዝጸንሓ ቦጣት ከምዝቕበልኦን ተገይሩ። ነተን ከም ኣሰርቲ ውሕጅ ዘለልዋ ዝነበራ ኦራላት ድማ ሓይሊ ስለዘለወን ጉቲተን ፍርቂ ኣካለን ከም ጃልባ ኣብ ውሕጅ ጠሊቑ ከሎ ንገለ ቦጣት ከየገረለን ነይርና። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ መርኣያ ተወፋይነት ኣባላት መጎዓዝያ ኮይኑ ብኣላ ተወፋይነቶም ድማ ዝተዓወተሉ ኣዝዩ ኣዋጣሪ ዕማም ኮይኑ ይስመዓኒ።” ይብል።

ይቕጽል…

## ምንጪ መካይንና ጸላኢና’ዩ!



ዘበዝሓ መካይን ሰውራ ኣብቲ ናይ ምሕራር ከተማታት 1977-78 ካብ ጸላኢ ተመንዚዐን ኣብ ዋቕሚ ሰውራ ከምዝወዓላ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ካብ ተመክሮ መጎዓዝያ ርኢና። እቲ ዘገርም፡ እዛ ስእሊ እዚኣ ኣብ ሞስኮ ወይ ኣዲስ ኣበባ ንምርኢት ወተሃደራዊ መካይን ዝተዳለወት ትመስል። ግን እቲ ሓቂ እዚ ንርእዮ ዘሎና ሓደ ዕስሪት ናይቲ ብተበግሶ ዝፍለጥ ድሕሪ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ንፈለማ ኣብ ልዕሊ ናይቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ፡ እስትንፋስ ብዘይህብ ወራር ድሕሪ ወራር እናኣካየደ ናቕፋ ክሕዝ ሎሚ ዶ ጽባሕ ዝብል ዝነበረ ሰራዊት ስርዓት ኢትዮጵያ ኣላሽ ዘበለ፡ ካብ 2-16 ታሕሳስ 1979 ዝተኻየደ ዕዉት መጥቃዕቲ ዝተሰልባ መካይን ጸላኢ እየን። እዚ፡ እዘን መካይን’ዚአን ኣብ ሩባ ሕዳይ ካብ ጸላኢ ምስ ተመንዘዓ ዝተወሰደ ስእሊ’ዩ። እተን መካይን፡ ደርግ ካብ ሶቬት ሕብረት ዘምጸአን፡ ሰራዊቱ ናብ ሳሕል ዝጓርተለን ዝነበረ ወተሃደራዊ መካይን ኮይነን፡ ብሳልኡ ድማ ብዝሒ ወተሃደራዊ መጎዓዝያ ሰውራ ሰሲኑ።

### ካብቲ ናይ ሽዑ ዓወታት፦

- 97 መካይን፡ 17 ታንክታት፡ 7 ድሩዓት መካይን ተመንዚዐን።
- ኣጽዋር ድማ 3600 ፈኩስን ማእከላይን 80 መዳፍዕ ተሰሊቡ።
- ዝዓነወ ከኣ 100 መካይን፡ 15 ታንክታት ክጥቀስ ይከኣል።

## ንሓፈሻዊ ፍልጠት

1. ኣብ 1976 ጥራይ ብህ.ሓ.ሓ.ኤ. 7 ነፈርቲ ተሃሪመን ወዲቐን ቦታ ጥቐስ፦

ሀ/ ከባቢ ኣስመራ ለ/ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ሐ/ ከባቢ ናቕፋ

2. ኣብ 1977 ብህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተሓረራ ከተማታት ብቕደም ተኸተል ስመ፡ ምርጫ ኣለኩም።

ሀ/ ኣፍዓበት፡ ከረን፡ ደቀምሓረ ለ/ ኣፍዓበት፡ ደቀምሐረ፡ ከረን ሐ/ ናቕፋ፡ ቅሮራ ኣፍዓበት

መልሲ ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ

## ካብ ካርቶናት ገድሊ



### መልሲ

1. ሐ/ከባቢ ናቕፋ    2. ለ/ኣፍዓበት፡ ደቀምሓረ፡ ከረን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Instrument Technician Assistant
Number required – (01)
Type of contract – definite (6 months)

Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Superintendent to recruit, train and mentor a Maintenance team who will deliver quality maintenance services to the fixed plant.
- In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The role will organize day to day workshop and maintenance activities.
- Furthermore, the incumbent will oversee and inspect maintenance works to ensure the safe and effective repair and servicing of mobile and fixed plant equipment.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Support Artisans in their day-to-day duties and reports problems and/or issues on Electrical Equipment and Tools
- Performs simple Instrument/electrical installation, maintenance and repair tasks under close supervision while following detailed instructions
- Operates various machines, adjusting work sequence and/or other variables to improve efficiency
- To perform skilled Instrumentation/electrical work, installations, plant maintenance, repairs of electrical equipment, control and modify circuits and ensuring work is in accordance with relevant electrical standards.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- School grades: Grade 6 – 12
- 2-5 years' work experience as Instrument Technician Assistant

Working Experience – Nature & Length

- Fit and Healthy

Technical Skills

- Semi-skills on Instrumentation/electrical Installations

Behavioral Skills

- Communication (local language)
- Team player
- Timekeeping
- Understand and follow instructions
- Self-motivation

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (6 months)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# መዘናግዒ

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ስራሕ ክገድፍ ከምዝደሊ ምንጋር ዘሕፈሮ ሰራሕተኛ ኣጻብዕቱ ይቆርጽ




ኣብ ህንዲ ዝሰበር ማጆር ታራፓራ ዝተባህለ ኣብ ስራሕ ኮምፕዩተር ተዋፊሩ ዝጸንሐ ወዲ 32 ዓመት ሰብኣይ፡ ካብ ስራሕ ክወጽእ ከምዝደሊ ምሕባር ስለዝሕፈር፡ ኮሳ ኢሉ ኣርባዕተ ኣጻብዕቱ ከምዝቖረጸ ፖሊስ ህንዲ ሓቢሩ።

እዚ ብቤተሰብ ስራሕ ዝኣተወ ሰብኣይ፡ ንኣሰራሕቱ ኣብ'ቲ ስራሕ ክቕጽል ከምዘይደሊ ምንጋር ዓቕቢ ምስ ኮኖ፡ "ካብ ዝዕገርም ኣደይ ክቘርጽ ይሓሽ" ዝብል ሓሳብ ሒዙ፡ ኣርባዕተ ኣጻብዕቱ ናይ ጸጋማይ ኢዱ ቆሪጹ። ማጆር ኣጻብዕቱ ምስ ሃረሙ ሓደጋ ከምዘጋጠሞ ኣምሲሉ ናብ እንዳ ፖሊስ እታ ከተማ ክጠርዕ ከይዱ። ንዘጋጠሞ ሓደጋ ክዋርር ቡቶም ፖሊስ ምስ ተሓተተ ከኣ ሞተር-ብሽክሊታ ተጠቒሙ ናብ እንዳ ዓርኩ እናኸደ ከሎ፡ ኣብ መንገ ዕውልውል ኢልዎ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ከምዝወደቐን ድሕሪ 10 ደቓይቕ ምስ ተበራበረ ግን ኣጻብዕቱ ተቘሪጸን ከምዝጸንሓአ ብሓሶት ሓቢሩ።

ፖሊስ ንቓል ኣመልካቲ ድሕሪ ምስማዕ፡ ፈለማ ኣጻብዕቲ ማጆር ኣብ ስራሕ ጥንቁላ ብዘሎጥፉ ሰባት ተሰሪቖን ክኸና ከምዝኽእላ እዩ ጠርጠረ። እንተኾነ ፖሊስ ኣብ ዛንታ ማጆር ብዙሕ ዝጋረጨዉ ነጥብታት ስለዝተዓዘበ፡ መርመራ ክካይድ እዩ ጀሚሩ።

ድሕሪ ዝተየደ ነዊሕ መርመራታት ከኣ፡ ማጆር ሰብ ዘይፍትዖ ባዕሉ ኣጻብዕቱ ከምዝቖረጸ ክረጋገጽ ክኢሉ። ንሱ ኣብ'ቲ ወዲቐሉ ኢሉ ክሕብሮ ዝጸንሐ ከባቢ ምስ በጽሐ፡ ካራ ተጠቒሙ ኣጻብዕቱ ከምዝቖረጸ፡ ኒታ ኑቲ ገበን ክፍጽም ዝተጠቕመላ ካራን ኣጻብዕቱን ከኣ ኣብ ቦርሳ ኣእቲዩ ከምዝሸሓፈን ሓቢሩ። ንሱ ወሲኹ፡ ካብ ንኣሰራሕቱ ስራሕ ገዲፈዮ ኣለኹ ምባል፡ ኣጻብዕ ምቍራጽ ዝቐለለ ኮይኑ ከምዝተረኣዮ ተናዚዙ። ፖሊስ ግን ምርጫ ማጆር ጽላለ ኮይኑ ስለዝተረኽቦ፡ ኹሉ መርመራታት የካይደሉ ምህላዉ ገሊጹ።

## መዓልታዊ ብነፋሪት እትመላለስ ሰበይቲ

ራሄል ካውር ኣብ ማለዥያ እትነብር ኣደ ክልተ ቈልዑ እያ። እዛ ኣብ ከተማ 'ፐነይን' እትቕመጥ ሰራሕተኛ መንገዲ-ኣየር፡ ናብ'ቲ ኣብ ከተማ ክዋላ ላምፑር - ርእሰከተማ'ታ ሃገር ዝርከብ ቦታ ስርሓ፡ ዕለታዊ ካብን ናብን ብነፋሪት ከምእትመላለስ እያ ትገልጽ።

እዛ ካብ መንበሪቤታ ናብ ቦታ ስርሓ ን40 ደቓይቕ እትጓዓዝ ሰራሕተኛ፡ እቲ እትገብሮ ኣህጉራዊ ጉዕዞ ምስ ደቃ ግዜ ከተሕልፍ ስለዘሕግዛ፡ ድኻም ከምዘይሰምዓ ትዛረብ። ንሳ ዕለታዊ ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ ብምትንሳእ፡ ካብ ከተማ ፐነይን ሰዓት 5፡55 ቅድሚ ቐትሪ እትብገስ ነፋሪት ንምርካብ፡ ካብ ቤታ ትወጽእ። ከም ኣብ ኩሉ ከርናዕት ከተማ ክዋላ ላምፑር ዝመጽእ ሰራሕተኛ እቲ መገዲ ኣየር ከኣ ሰዓት 7፡45 ናብ ቤት-ጽሕፈታ ከምእትኣቱ ትሕብር።

ነዚ ዘይልሙድ ጉዕዞ ራሄል ዝተዓዘቡ ብዙሓት ወገናት፡ ኣብ ክዋላ ላምፑር ክትቕመጥ'ኳ ሓሳብ ዘቕርቡላ እንተኾኑ፡ ንሳ ግን ካብ ኣብ ርእሰከተማ ገዛ ተኻሪኻ ምቕማጥ፡ ኣብ'ታ እትነብረላ ከተማ እናተቐመጠት ዕለታዊ ብነፋሪት ናብ ስርሓ ክትመላለስ ከምዝዋጽኣ እያ ትዛረብ። ራሄል ከም ሰራሕተኛ መንገዲ ኣየር ማጠን ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኾን ብዘጸ ተጓዒዛ ከምዘይፈልጥ እያ ትገልጽ።



ብነፋሪት ካብን ናብን ገዛ - ስራሕ ዝገበር ዕለታዊ ጉዕዞ፡ ብርክት ዝበሉ ሰባት ከምዝጥቀምሉ ይሕበር።

## ንዝሃደሙ ዓሳታት ዝሓዘ ሽልማት ክህብ ምኳኑ ዘፍለጠ ኩባንያ

ኣብ ምፍራይ ንመግቢ ዝውዕሉ ዓሳታት ዝሰጥፍ ኣብ ኖርወይ ዝርከብ 'ሞዊ' ዝበሃል ኩባንያ፡ ኑቶም ካብ ትካሉ ዘምለጡ 27 ሽሕ ሳልሞን ዝዓይነቶም ዓሳታት ረኺቡ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ዘረከበ ሰብ ሽልማት ክህብ ምኳኑ፡ ብማሕበራዊ መራኸብታት ኣቢሉ ሓቢሩ።

ብደረጃ ዓለም ኩባንያ ሞያዊ ንመግቢ ዝኾኑ ዓሳ ሳልሞን ዘፍሪ ዝዓበየ ትካል እዩ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ'ቲ ከባቢ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ንፋስ ዝዑበለሎ ህቦብላ፡ ቀጽሪ እቲ ዓሳ ዝፈርየሉ ሕርሻ እቲ ኩባንያ ስለዝዓነወ፡ ካብ'ቲ ኣብኡ ዝፈርዩ ዝበዙ 105 ሽሕ ሳልሞን ዓሳ፡ እቶም ርብዒ ናብ'ቲ ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ ማያት ሰሜናዊ ምዕራብ ኖርወይ ከምዝሃደሙ እቲ ኩባንያ ገሊጹ።



ኩባንያ ሞዊ፡ ኑቶም ካብ ቀጽሩ ዘምለጡ ዓሳታት ንምሓዝ፡ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ዝሰጥፉ ሞያውያን ኣብ ማያት ኖርወይ ኣዋፊሩ ይርከብ። ነፍሲ-ወከፍ ዝረኸብዎ ዓሳ ከኣ 45 ዶላር ክኸፍሉሉ ምኳኖም ተሓቢሮም ኣለዉ።

ክኢላታት ዓሳ፡ እዞም በዚ ኩባንያ ዝፈረዩ ዓሳታት፡ ኑቶም ናይ ባሕሪ ሳልሞን ከም ቁማል ባሕሪ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ለቡዓታት ከመሓላልፉሎም ከምዝኽእሉ ጠቒሶም። እዞም ኣብ ዕጹው ሕርሻ ዝፈረዩ ሳልሞን ዓሳ ምስ'ቶም ናይ ባሕሪ ሳልሞን ምስ ዝዋሰቡ፡ እቲ ዝጸኑኽ ድቂ ብህይወት ክቕጽል ዘለዎ ተኽእሎ ኣጉዚዑ ትሑት ምኳኑ ብምግላጽ፡ እዞም ዘምለጡ ዓሳታት ብቕልጡፍ ምስ ዘይርከቡ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ኣብ ጂን ናይ ባሕሪ ሳልሞን ለውጢ ከስዕቡ ከምዝኽእሉ የጠንቅቑ።

## ንዓመታት መጥበሲ ዘይቲ ዘይቀየረ ቤት-መግቢ

ኣብ ቴክሲ - ሕ.መ.ኣመሪካ ዝርከብ ብ'ደየርስ በርገርስ' ዝፍለጥ ኣብ ምምስራሕ በርገር ዝሰጥፍ ፍሉጥ ቤት-መግቢ፡ ንልዕሊ 100 ዓመት ኑቲ ስጋ ዝጠብሰሉ ዘይቲ ከምዘይቀየሮ፡ ዋናኡ



ኣቦ'ቲ ምስ 'ሳውዝ ሊቪንግ' እትብሃል መጽሔት ዘካየዶ ቃለመሕትት ሓቢሩ። ዋና እዚ ቤት-መግቢ ኬንዳል ሮበርትሶን፡ እዚ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ኣብ ስራሕ ዝወዓለ ዘይቲ፡ ምስጢር እቲ ብብዙሓት ዓማዊል ፍቱው ዝኾነ በርገር ምኳኑ'ውን ገሊጹ።

መስራቲ እዚ ቤት-መግቢ ዝኾነ ኤልመር ደየር፡ በርገር ምስራሕ ኣብ 1912 ዓ.ም እዩ ጀሚሩዎ። ኑቲ በርገር ጣዕሚ ክውሰኸሉ ይኽእሉ'የም ዝበሎም ቀመማት ኣብ'ቲ ስጋ ዝጠብሰሉ ዘይቲ ብምሕዋስ፡ ምሻጥ በርገር 'ሀ' ኢሉ ጀሚሩዎ። ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት እቲ ቤት-መግቢ፡ ኑቲ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ስጋ ዝጥበሰሉ ዝበረ ዘይቲ ከይቀየሮ ምስ ረሰዖ ግን፡ ኤልመር ኣዝዩ ፍቱው በርገር ክሸይጥ ከምዝጀመረ፡ ኣኪያዲ እዚ ቤት-መግቢ ኬንዳል ይገልጽ። ካብ ሽዑ ንደሓር ከኣ፡ እዚ መጥበሲ ዘይቲ ኣብ ዝኸድሉ እናተወሰኸ፡ ንልዕሊ 100 ዓመት ዝኾነ ዘይቲ ከይጉሓፈ ኣብ ርእሱ እናወሰኸ ክጥቀም ምጽንሖም ገሊጹ። ብሕጂ'ውን ክቕጽል ሓሳብ ከምዘይብሉ እዩ እቲ ኣኪያዲ ትካል ዝገልጽ። ዓማዊል እቲ ዝበልዕዎ በርገር ኣብ ልዕሊ 100 ዓመት ዘቑጸረ ዘይቲ ከምዝጠበሰ ኣፍልጦ ከምዝለዎም'ውን ኬንዳል ወሲኹ ይሕበር።

## ዝነኣሰት መናፈሻ ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ዓለም ሰፊራ

ኣብ ጃፓን እትርከብ መናፈሻ፡ ብደረጃ ዓለም ዝነኣሰት መናፈሻ ተባሂላ ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ዓለም ከምዝሰፈረት ተሓቢሩ።

እዛ ንእሽተይ መናፈሻ፡ 0.24 ትርብዒት ሜትሮ ጥራሕ ስፍሓት ዘለዋ ኮይና፡ ኣብ 1988 ዓ.ም ብሓደ ኣብ ናይ ህንጻ ስራሕ ተዋፊሩ ዝበረ ጃፓናዊ እያ ተሃኒጻ። እዛ ኣብ ከባቢ ኣደራሽ ከተማ 'ናጋይዙሚ' ተደኲና ትርከብ መናፈሻ፡ ብህንጻዩ'ቲ ዝተሰርሐት፡ ብእምኒ ድማ ተደጊፋ ዝቖመት ኮፍ መበልዕ ኑታ ኮፍ ማበሊ ከቢብዋ ዝርከብ ሳዕርን ዘጠቓለለት እያ።

ነበርቲ እቲ ከባቢ፡ እዛ መናፈሻ






ብዘለዋ ዓቐን ኣብ ዓለም ዝነኣሰት ምኳና ይፈልጡ'ኳ እንተነበሩ፡ ብሰቡ ስልጣን ወግዓዊ ኣፍልጦ ብዘይምርካብ ግን ብዙሕ ክግደሰላ ከምዘይጸንሑ ይሕበሩ። ብሰራሕተኛታት መዝገብ ክብረ-ወሰን ዓለም ድሕሪ ምዕቃና ግን፡ ካብ'ታ ብዘለዋ ንእሱ ዓቐን ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ዓለም ሰፊራ ዝጸንሐት 0.29 ትርብዒት ሜትሮ ስፍሓት ዘለዋ ኣብ ከተማ ፖርትላንድ - ኣመሪካ ተደኲና እትርከብ መናፈሻ ዝነኣሰት ኮይና ብምርካባ፡ እታ ዝነኣሰት መናፈሻ ተባሂላ ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ዓለም ክትሰፍር በቒዓ ኣላ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ዉድድር ኩዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ ቀጺሉ

ኤፍሬም መኮነን
ሮቤል በረኸት

ኣብ ዓሰብ ዝቕጸል ዘሎ ሃገራዊ ወድድር ኩዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ ብቐድሚ ትማሊ ናይ ካልኣይ ዙርያ ቀዳማይ ጸወታ ኣሰሲሉ።

ኣብ ክልተኡ ጸወታኣ ብፆኣዋት ምሉእ ነጥቢ ሒዛ ዝዘዘመት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ኣብ ክልተኡ ጸወታኣ ዝተሳዕረት ዞባ ደቡብ ገጢማ። ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ሰ/ቀ/ባሕሪ እያ 9ብ5 ተዓዊታ ነይራ።

ኣብቲ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ጸወታ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ኣብ ካልኣይ ደቒቕ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብመገዲ ሓላዊ ልዳታ መሳ ሓሰን ካብ ናጻ ቅላዕ ሸቶ ኣመዝገበ። ደቡብ ግና፡ ካብ ኣሌክሳንደር መሓሪ ብዘረኸበቶ ሸቶ ቀልጢፋ ተመዓራረየ። ብተኸታታሊ ኸኣ ሰ/ቀ/ባ ካብ ጅምዕ ኑርን ሚልዮን ኣኽሊሉን ደቡብ ካብ ኣብድ ኣሕፈርም ሸቶታት ወሰኽን ንዕረፍቲ ሰ/ቀ/ባ 3ብ2 መሪሓ ወጺኣ።



ኣብ ካልኣይቲ 12 ደቒቕ ሰ/ቀ/ባ ኣኸታቲላ ካብ ያሲን ዓሊ ክልተ ሸቶታት ወሲኻ ወጽኢት ናብ 5ብ2 ኣዕሪጋቶ። ደቡብ፡ ክልተ ካብ ያፊት ስመረ፡ ሰ/ቀ/ባ ድማ፡ ሓንቲ ካብ ዑመር እድሪስ ወሲኽሽን ብናይ 6ብ4 ወጽኢት ደጊመን ንዕረፍቲ ወጺኣን።

ኣብ መዛዘሚ 12 ደቒቕ ድማ፡ ደቡብ ቀዲማ ካብ ኤርሚያስ ፍስሃ ሸቶ ረኺባ ወጽኢት ናብ 6ብ5 ኣጸቢባቶ። ሰ/ቀ/ባ፡ ተጻዋታይ ደቡብ ናብ ልዳቱ ብዝቖጸራ ሸቶ መሊሳ ናብ 7ብ5 ኣህፈላቶ። ደቡብ ግና፡ ብተኸታታሊ ካብ ኤርሚያስ ፍስሃ፡ ኣብድ ኣሕፈርምን ኣቤል የማነን ሸቶታት ወሲኻ 8ብ7 ተዓዊታ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ሕነኣ ፈዲያ። ኤርሚያስ ፍስሃ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

እዚ ከፅሚ'ሉ እንከሎ፡ እዚ ውድድር ትማሊ'ውን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ደቡብን ብዘተፎዳአ ጸወታ ቀጺሉ ነይሩ። ደቡብ ድማ፡ 6ብ5 ተዓዊታ። ኣቦላ ኣብድ ኣሕፈርም፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። እዚ ሎሚ ዓመት ንፋልማይ ግዜኡ ሰለስተ ዞባታት ሒዙ ዝቕጸል ዘሎ ሃገራዊ ውድድር፡ ሎሚ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ብዘካይዳኦ ጸወታ ክዛዘም እዩ።

## ንኮኖ፡ ንፍሉጥ ኤውሮጳዊ ተጻዋታይ ሓላዊ ልዳት ክኸውን ዝጸለዎ ኣፍሪቃዊ

ኣብ ስፖርት፡ ትምህርቲ ኮነ ኣብ ስራሕ፡ ብሓፈሻ ኣብ ጉዕዞ ህይወት፡ ኣርኣያ ዝኾኑና ወይ ዝጸልዉና ሰባት ኣለዉ።

ኣብ ሓደ ካብ ዓበይቲ ንጥፈታት ስፖርት ዝኾነ ኩዕሶ እግሪ ኸኣ፡ ዳርጋ ኩሎም ተጻወትቲ ናይ ጸወታ ግዜኦም ክፍልሙ እንከለው፡ ኣብ ቅድሚኦም ኣቐሚጦም ዝርእይዎ ሞዴል ዝኾነ ተጻዋታይ ኣሎምም። ብዚ ድማ'ዩ፡ ወትሩ ተጻወትቲ ክትተቱ እንከለው፡ "መን እዩ ኣርኣያኻ" እትብል ተደጋጋሚት ሕቶ ክትለዓል ንሰምዕ።

ንኣብነት፡ ኣብቲ ዝዓበዩ ሊጋት ዓለም ሒዙ ዝርከብ ኣህጉር ኤውሮጳ ብፍላይ እኳ ኣብቶም ሓሙሽተ ዓበይቲ ሊጋት ዝበሃሉ - ፕሪመር ሊግ፡ ላሊጋ፡ ሰሪኣ፡ ቡንደስሊጋን ሊግ 1 ፈረንሳን ኩሎም ተጻወትቲ ኹተቶም ኣርኣያ ከም ዝለዎም ይዝረብ። ዳርጋ ኩሎም ኸኣ ኤውሮጳውያን ወይ ደቡብ ኣመሪካውያን ዝዩዳ ከምዝጸለውዎም ይዝረብ። ወላ'ውን ዝጠዝሉ ኣፍሪቃውያን ተጻወትቲ ከም'ኡ ክብሉ እየም ዝስምዑ። ኣፍሪቃዊ ንኤውሮጳዊ ክጸልዎ ግና ብበዝሒ ንሰምዖ ኣይኮነን።

እንተኾነ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ወርትግ ክዝከር ዘኽእሎ ታሪኽ ኣጽሒፉ ዝሓለፈ ኢጣልያዊ ሓላዊ ልዳት ጂያንሉጂ በፎን ኣብቲ ቦታ ክጻወት ዝጸለዎ ኣፍሪቃዊ እዩ ነይሩ - ካሜሩናዊ ሓላዊ ማዕጾ ቶማስ ንኮኖ።

በፎን ኣብ ፈለማ ናይ ንእስነት ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ ሓላዊ ልዳት ኮይኑ ኣይጀመረን። እዚ ኢጣልያዊ፡ ኣብ መሰልጠኒ ማእከል ክለብ ፓርማ ጉዕዞኡ ክፍልም እንከሎ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሜዳ ብፍላይ ከም ኣስፋፋሊ ደጻወት ነይሩ፤ ክሳዕ ወዲ 12 ዓመት'ውን ነዚ ተራ ቀጺሉዎ። ኣብ 1990 ግና፡ ኣእምሮኡ ዝቐየረት ፍጻመን ኣርኣያ ዝኾኖ ተጻዋታይን ብወዘቢ ኀፍ ኢሎሞ - ኣብ ዋንጫ ዓለም 1990፡ ሓላዊ ልዳት ሃገራዊት ጋንታ ካሜሩን ዝነበረ ቶማስ ንኮኖ።

ዋንጫ ዓለም 1990 ኣብ ኢጣልያ ክሳዕዳእ እንከሎ፡ በፎን ወዲ 12 ዓመት እዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ዓቢ ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ካሜሩን እንተዘይዕዘበ ነይሩ ኸኣ፡ ምናልባት ሓላዊ ልዳት ኣይምኾነን ነይሩ - ብማሰረት ሓበሬታኡ። በፎን ቅድሚ እቲ ውድድር ምዕዛቡ፡ ኣብ ክንዲ ኳዕሶ ምቕላብ፡ ዕድላት ክህንድሰን ሸቶታት ከመዝግብን ዝበሃግ ኣስፋፋሊ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ውድድር ንሓላዊ ማዕጾ ካሜሩን - ቶማስ ንኮኖ ብማስትኮት ተለቪዥን ምስ ተዓዘቦ ግና፡ ኩሉ ነገር እዩ ተቐይሩ።

ካሜሩን ምስ ኣርጀንቲና፡ ሕብረት-ሶቭየትን ሮማንያን ኣብ ምድብ ክልተ ተደላዲላ ነይራ። ኣብ ታሪኻ ቀዳመይቲ ናይ ዋንጫ ዓለም ዓወታ ድማ ኣብ ልዕሊ ብዲያጎ ማራዶና እትቕለስ ዝነበረት ኣርጀንቲና ኣመዝጊባ፤ ናይ 1ብ0 ዓወት። ኣብ'ቲ ጸወታ፡ ንኮኖ፡ ልዳቱ ከየድፈረ ክወጽእ እንከሎ እዩ እምብኣር፡ በፎን ዝተዓዘቦ። ቀጺሉ ካሜሩን ክሳብ ርብዒ ፍጻመ በጺሓ ነይራ እያ።

"ኣብ ዋንጫ ዓለም 1990 ዝተሳተፈት ካሜሩን ኩሉ ግዜ ኣብ ልበይ ፍሉይ ቦታ ኣለዋ፡ ንኹሎም ተጻወትቲ ይዝክሮም እየ። ምኽንያቱ ንዓይ ናይ ብሓቂ ጅጋኑ እየም ነይሮም።" ይብል በፎን።

በፎን ኣብ'ቲ እዋን ኣጥቃዕቲ እታ ጋንታ ዝመርሑ ሮጀር ሚላንን ፍራንኲስ ኦማም-ቢዩክን ኣቓልቦኡ ካብ ዘሱሓቡ ምኽንያትም የዘንተ። ብሉጽ ብቐዓት ንኮኖ ግና፡ ኣዝዩ ዘደንቖን ማራኽን ምንባሩ ይዛረብ።

"ተዓዚዘ እየ ነይረ። ንኮኖ፡ ሸቶ ንከይምዝገቦ ዝጉብሮ ዝነበረ ምንቅስቓስ ሓላዊ ልዳት ንክኸውን ደሪኹኒ። ምኽንያቱ እቲ ዝነበሮ ናይ ሓላዊ ልዳት ተራ ብጣዕሚ ፈተየዮ። ምትዕጽጻፍ ሰብነቱን ዝመጽኦ ኳዕሶ ንምምላስ ዝጉብሮ ዝነበረ ኣገባብን ኣዝዩ ማሪኹኒ። ከም ሓላው ልዳት ፍሉይ ዓቕሚ ነይርዎ፤ ኣብ'ቲ እዋን ሸቶታት ምምዝጋብ ደፊቱን ብዙሕ ዕጋበት'ውን ይህበኒ ነይሩ። ንንኮኖ ድሕሪ ምርኣየይ ግና፡ ነገራት ተቐያየሩም፤ የሐጉሰኒ ድማ እዩ። እዛ ፍጻመ፡ ኣብ ህይወተይ በሪ ዝኸፈተት ኣጉዳሲት ዕለት እያ።" ክብል፡ ብጽልዋ እቲ ኣፍሪቃዊ ቦታኡ ናብ ሓላው ልዳት ክቕይር ከምዝተቐሰበ ይጠቅስ።

ብድሕሪኡ በፎን ናይ ሓላዊ ልዳት ክእለት ንምጥራይ ክስማመድ ጀሚሩ። ልዑል ጥሙሕ ኣሕዲሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ድማ፡ ኣብ'ታ ዝምልመላ ዝነበረ ክለብ ፓርማ መሰልጠኒ ማእከል፡ እቶም ቀዳሞት ክልተ ሓለውቲ ማዕጾ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞም፡ በፎን ዝነበሮ ድሌት፡ ዝወሰኖ ቁመትን ኣካላዊ ቁመናን ዘስተብህሉ ኣካየድቲ ናይታ ክለብ ጸውዒት ኣቕረቡሉ። ኣይሓመቐን ድማ፡ ነቲ ዕማም ብቐልጢፉ ተላቢሱ ኣብ ውሽጢ ክልተ ቕነ ናይ መንእሰያት ጋንታ ፓርማ ቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ኮነ።


ኣብ 1995 ናብ ዓባይ ጋንታ ብምሰጋር ፋልመይቲ ጸወታኡ ኣንጻር ኤሲ ሚላን ኣካየደ። ኣንጻር ኣብ'ቲ እዋን ኣጥቃዕቲ ኤሲ ሚላን ዝነበሩን ብተኸታታሊ ንሽልማት ባሎን ዲ'ኦር 1993ን 1995ን ዝተዓወቱላን - ሮቤርቶ ባጆን ጆርጅ ዊያን ተፋሊሙ ድማ ልዳቱ ከየድፈረ ብምውጽኡ ዓቢ መጉሶ ረኸበ።

በፎን ኣብዘን ምስ ፓርማ ዝሐለፈን ሽዱሽተ ዓመታት፡ ንሓንቲ ዓመት - ፓትሪክ ምቦማ ምስ ዝተባህለ ንቶማስ ንኮኖ ወዲ ሃገሩ ኣጥቃዓይ ሓቢሩ ክጻወት በቒዑ እዩ። በፎን ንወዲ ሃገሩ ሓላዊ ልዳት ከፀዝድንቖ ዝፈለጠ ምቦማ ኸኣ፡ ኣብ 1999 ዝ. ኢጣልያዊ ሒዝዎ ናብ ሃገሩ - ካሜሩን ብምምራሑ ምስ ንኮኖ ኣራኸቦ።

"በፎን ብናተይ ጽልዋ ሓላዊ ልዳት ምዃኑ ምስ ሰማዕኩ ተገሪመ እየ።" ዝበለ ንኮኖ፡ "ኣብ ፓርማ እናተጻወተ እንከሎ እዩ ዝፈልጦ። ብጽልዋይ ቦታኡ ብምቕያሩ ከማዕበዚ ኣለዎ ዲዩ? ኣይፈልጥን እየ፣ እንተኾነ፡ እቲ ቅኑዕ ምርጫ ዝወሰደ ኮይኑ እዩ ኣስምዓኒ።" ኢሉ።

ከጽዓ'ዚ በፎን "ንቐዳማይ ወላዲይ ብስም ንኮኖ ቶማስ ኢና ሰሚናዮ። ምኽንያቱ ንኮኖ፡ ኣብ ህይወተይን ኣብ ናይ ጸወታ ጉዕዞይን ዓቢ ተራ እዩ ተጻዊቱ።" ክብል የማስዩ።

ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ሓለውቲ ልዳት ዝኾነ በፎን ድሕሪ ፓርማ ናብ ጁቬንቱስ ብምቕናዑ ንዝበዝሐ ናይ ጸወታ ግዜኡ ማለት ን17 ዓመታት መሪሕ ሓላዊ ልዳታ ኮይኑ ተጻዊቱ። ንሓንቲ ወቕቲ ጥራይ ምስ ፒኤስጂ ዝተጻወተ በፎን ኣብ 2021 ካብ ጁቬ ናብ ፓርማ ተመሊሱ ክሳዕ 2023 ተጻዊቱ። ንኢጣልያ ኣብ 176 ግጥሚ ዝወከላን ዋንጫ ዓለም 2006 ዝዕተረን ጂጂ በፎን ን28 ዓመት ድሕሪ ምጽዋት ኣብ መበል 45 ዓመት ኣብ ነሓሰ 2023 ብዕሊ ኢዱ ሰቒሉ።







## ነገረ ሃላንድ

ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ቀዳማይ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ኣብ ዝውሓደ ግጥማት ኣብ 100 ሸቶታት ዝተዋሰአ ኮይኑ - ድሕሪ'ቲ ትማሊ ኣብ ልዕሊ ብራይቶን ዘመዝገቦ ሸቶ።

ሃላንድ፡ ኣብ 94 ግጥማት - 84 ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ 16 ንኣመዝጉብቲ ኣቐቢሉ።

እዚ ጸወታ፡ 2ብ2 ብምዝዛሙ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ ሕልሚ ማን ሲቲ፡ መሊሱ ዝጸልመተ ይመስል። እዛ ጋንታ፡ ብ48 ነጥቢ ሓሙሻይ ደረጃ ትርከብ። ብ49 ነጥቢ ራብዓይቲ ዘላ ቸልሲ፡ ሎሚ ንኣርሰናል እንተሰዒራታ ድማ ፍልልየን መሊሱ ክገፍሕ እዩ።

እዚ ከፅሚ'ሉ እንከሎ፡ እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ 40 ናይ ፕሪመር ሊግ ሸቶታት ተመዝገበዋ ኣሎ - እቲ ዝበዝሐ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ዓሰልጣኒ ፐፕ ጓርድዮላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ዕለት ኖቲንግሃም ንኢፕስዊች 4ብ2፡ ዎልቨስ ንሳውዝሃምፕተን 2ብ1 ክስዕርኣን እንከለዋ፡ ኤቨርተንን ዌስት ሃምን 1ብ1 ተፈላለየን።



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮና ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል**

ኢንሹራንስ - ገጀረት 12፡00 ድ.ቀ

**ዋንጫ ናጽነት ደቂ ተባዕትዮ**

ፓራዲዞ - ጎዳይፍ 2፡00 ድ.ቀ

ማይ ተመናይ - ሓይሊ ኣየር 4፡00 ድ.ቀ

**ፕሪምየር ሊግ**

ኣርሰናል - ቸልሲ 4፡30 ድ.ቀ

ፉልሃም - ቶተንሃም 4፡30 ድ.ቀ

ሌስተር ሲቲ - ማን ዩናይትድ 10፡00 ድ.ቀ

**ካራባኦ ካፕ ናይ ፍጻመ**

ሊቨርፑል - ኒውካስል 7፡30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ባርሰሎና 11፡00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኣታላንታ - ኢንተር ሚላን 10፡45 ድ.ቀ

**ሊግ 1 ፈረንሳ**

ፒኤስጂ - ማርሴ 10፡45 ድ.ቀ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኢደን | 16/03/25 | ከባቢ ዩኒቨርስቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |
| ፍርማሲ ገዛ ኸኒሻ | | ጎደና ክሳድ ገዋ 195 ከባቢ 2ይ ጀረጃ ቤ/ትምህርቲ ተወልደመድህን | 08202877 |
| ፋርማሲ ሰላማዊት | | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ. ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services